በስመ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ
አሐዱ አምላክ፡ አሜን።

እዚ መጽሓፍ ሥርዓተ ቅዳሴ ተስጥዎ፡
ብጽርየት ተሓቲሙ ንበዓላትን ንሰንበታትን
ምስ ስብከቱ ዝተዳለወ መጽሓፍ ኢዩ።

አዐትብ ገጽየ ወኵለንታየ
በትእምርተ መስቀል።

በስመ አብ፣

በስመ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ አሐዱ አምላክ በቅድስት ሥላሴ እንዘ አአምን ወእትመጎፀን እክሕደከ ሰይጣን በቅድመ ዛቲ እምየ ቅድስት ቤተ ክርስትያን እንተ ይእቲ ስምዕየ ማርያም ጽዮን ለዓለመ ዓለም።

ነአኵተከ እግዚኦ፣

ነአኵተከ እግዚኦ ወንሴብሐከ። ንባርከከ እግዚኦ ወንትአመነከ ንስእለከ እግዚኦ ወናስተበቍዓከ። ንገኒ ለከ እግዚኦ ወንትቀነይ ለስምከ ቅዱስ። ንሰግድ ለከ ኦ ዘለከ ይሰግድ ኵሉ ብርክ ወለከ ይትቀነይ ኵሉ ልሳን። አንተ ውእቱ አምላከ አማልክት፣ ወእግዚአ ኣጋእዝት፣ ወንጉሠ ነገሥት፣ አምላክ አንተ ለኵሉ ዘሥጋ ወለኵላ ዘለፍስ፣ ወንጼውዐከ በከመ መሀረነ ቅዱስ ወልድከ እንዘ ይብል አንትሙሰ ሶበ ትጼልዩ ከመዝ በሉ።

አቡነ ዘበሰማያት፣

አቡነ ዘበሰማያት ይትቀደስ ስምከ ትምጻእ መንግሥትከ ወይኩን ፈቃድከ በከመ በሰማይ ከማሁ በምድር፣ ሲሳየነ ዘለለ ዕለትነ ሀበነ ዮም።

ጎድግ ለነ አበሳነ ወጌጋየነ ከመ ንሕነኒ ንጎድግ ለዘአበሰ ለነ። ኢታብአነ እግዚኦ ውስተ መንሱት አላ አድኅነነ ወባልሐነ እምኵሉ እኩይ፣ እስመ ዚአከ ይእቲ መንግሥት ኀይል ወስብሐት ለዓለም ዓለም።

ሥርዓተ ቅዳሴ

በሰላመ ቅዱስ ገብርኤል መልኣከ፣

በሰላመ ቅዱስ ገብርኤል መልኣከ ኦ እግዝእትየ ማርያም ሰላም ለኪ ድንግል በሕልናኪ ወድንግል በሥጋኪ እመ እግዚኣብሄር ጸባያት ሰላም ለኪ፣ ቡሩክት ኣንቲ እምአንስት ወቡሩክ ፍሬ ከርሥኪ። ተፈሥሒ ፍሥሕት ኦ ምልእተ ጸጋ እግዚኣብሄር ምስሌኪ ሰአሊ ወጸልዩ ምሕረት በእንቲአነ ኃበ ፍቁር ወልድኪ ኢየሱስ ክርስቶስ ከመ ይሥርይ ለነ ኃጣውኢነ።

ጸሎተ ሃይማኖት፣

ጸሎተ ሃይማኖት፣ ነአምን በኣሐዱ አምላክ እግዚኣብሔር ኣብ ኣኃዜ ኵሉ ገባሬ ሰማያተ ወምድረ ዘያስተርኢ ወዘኢያስተርኢ።

ወነአምን መኣሐዱ እግዚእ ኢየሱስ ክርስቶስ ወልደ ኣብ ዋሕድ ዘህልው ምስሌሁ እምቅድመ ይትፈጠር ዓለም። ብርሃን ዘእምብርሃን አምላክ ዘእማአምላክ ዘበአማን።

ዘተወልደ ወኢኮ ዘተገብረ ዘዕሩይ ምስለ ኣብ በመለኮቱ። ዘቦቱ ኵሉ ኮነ ወዘእንበሌሁሰ ኣልቦ ዘኮነ ወኢምንትኒ ዘበሰማይኒ ወዘበምድርኒ።

ዘበእንቲአነ ለሰብእ ወበእንተ መድኃኒትነ ወረደ እምሰማያት። ተሰብአ ወተሠገወ እመንፈስ ቅዱስ ወእማርያም እምቅድስት ድንግል። ኮነ ብእሴ ወተሰቅለ በእንቲአነ በመዋዕለ ጲላጦስ ጴንጤናዊ ሐመ ወሞተ ወተቀብረ ወተንሥአ እሙታን አመ ሣልስት ዕለት በከመ ጽሑፍ ውስተ ቅዱሳት መጻሕፍት። ዐርገ በስብሐት ውስተ ሰማያት ወነበረ በየማነ ኣቡሁ፣ ዳግመ ይመጽእ በስብሐት ይኩንን ህያዋነ ወሙታነ ወአልቦ ማኅለቅት ለመንግሥቱ።

ወነአምን በመንፈስ ቅዱስ እግዚእ ማሕየዊ ዘሠረፀ እምአብ ንስግድ ሎቱ ወንሰብሖ ምስለ አብ ወወልድ ዘነበበ በነቢያት።

ወነአምን በኣሐቲ ቅድስት ቤተ ክርስትያን እንተ ላዕለ ኵሉ ገባኤ ዘሐዋርያት፣ ወነአምን በኣሐቲ ጥምቀት ለሥርየተ ኃጢኣት። ወንሴፎ ትንሣኤ ሙታን ወሕይወተ ዘይመጽእ ለዓለመ ዓለም።

በስመ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ አሐዱ አምላክ አሜን።

ካህን: ሚመጠን ግርምት ዛቲ ዕለት ወዕፅብት ዛቲ ሰዓት እንተ ባቲ ይወርድ መንፈስ ቅዱስ እመልዕልተ ሰማያት ወይጼልሎ ለዝንቱ መስዋዕት ወይቄድሶ በፅሙና ወበፍርሃት ቁሙ ወጸልዩ ከመ ሰላሙ ለእግዚኣብሔር የሀሉ ምስሌየ ወምስለ ኵልክሙ።

ዘሰንበት

ሕዝቢ፡ ኵሉ ዘገብራ ለጽድቅ ጻድቅ ውእቱ ወዘያከብር ሰንበተ ኢይበል ፈላሲ ዘገብአ ኀበ እግዚኣብሔር ይፈልጠኒኑ እምሕዝቡ፡ ኵሉ ዘገብራ ለጽድቅ ጻድቅ ውእቱ ወዘያከብር ሰንበተ።

ዘወትር

ሕዝቢ፡ እምነ በሀ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ሥርጉት አረፍቲሃ ወሥዕልት በዕንቆ ጳዝዮን እምነ በሐ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን።

ናይ፡ ቀዳም

ሕዝቢ፡ መስቀል አብርሃ በከዋክብት አሠርገወ ሰማየ፡ እምኵሉሰ ፀሐየ አርአየ። መስቀል አብርሀ በከዋክብት አሰርገወ ሰማየ።

በስመ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ አሐዱ አምላክ አሜን።

1 ካህን መንፈስ ቅዱስ ብኣኣ ካብ ሰማይ ሰማያት ወረዱ ነዚ መስዋዕቲ እዚ ዜጽልላን ዚቕድሳን እዛ ዕለት እዚኣ ክንደይ እተፍርህ እያ፡ እዛ ሰዓት እዚኣኸ ክንደይ እተስደምም እያ። ሰላመ እግዚኣብሔር ምሳይን ምስ ኵልኹምን ምእንቲ ክህሉ ብጽሞናን ብፍርሃትን ቁሙን ጸልዩን።

ናይ፡ ሰንበት

2 ሕዝቢ፡ ጽቡቕ ዝገብርን ሰንበት ድማ ዘኽብር ዘበለ ኵሉ ጻድቕ ኢዩ። ናብ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ዝኣተወ ፈላሲ "ካብ ኵሉ ሕዝቢ ክፈልየኒዶኾን፡ ይኸውን?" ኣይበል፣ ጽቡቕ ዝገብርን ሰንበትድማ ዘኽብር ዘበለ ኹሉ ጻድቕ ኢዩ።

ዘወትር

3 ሕዝቢ፡ ሰላም ንዓኺ ይኹን ኣዴና ቅድስቲ ቤተክርስቲያን። መናድቓ ግሩማት ብቢጫ ዕንቊ ዝተሰለሙ ኢዮም። ሰላም ንዓኺ ይኹን ኣዴና ቤተክርስቲያን።

ናይ፡ ቀዳም

4 ሕዝቢ፡ መስቀል ኣብርሀ ንሰማይ ብኽዋኽብቲ ሰለመ፡ ካብ ኵሉ ኽኣ ንፀሐይ ኣርኣየ። መስቀል አብርሀ ንሰማይ ብኽዋኽብቲ ሰለመ።

ሕዝቢ፡ ሃሌ ሉያ፡ እመቦ ብእሲ እምእመናን፡ ዘቦአ ቤተ ክርስቲያን፡ በጊዜ ቅዳሴ ወኢሰምዐ መጻሕፍተ ቅዱሳት ወኢተዓገሰ እስከ ይፈጽሙ ጸሎተ ቅዳሴ። ወኢተመጠወ እምቁርባን ይሰደድ እምቤተ ክርስቲያን እስመ አማሰነ ሕገ እግዚአብሔር ወአስተሐቀረ ቁመተ ቅድመ ንጉሥ ሰማያዊ ንጉሠ ሥጋ ወመንፈስ ከመዝ መሀሩነ ሐዋርያት በአብጥሊሶሙ።

እምትንሣኤ እስከ በዓለ ሃምሳ

ሕዝቢ፡ ሃሌ ሉያ ዮሴፍ ወኒቆዲሞስ ገነዝዎ ለኢየሱስ በሰንዱናት ለዘተንሥአ እሙታን በመንክር ኪን። (፫ ጊዜ ይበሉ)

ሕዝቢ፡ አንቲ ውእቱ መሶብ ወርቅ ንጹሕ እንተ ውስቴታ መና ኅቡእ ኅብስት ዘወረደ እም ሰማያት ወሃቤ ሕይወት ለኵሉ ዓለም።

ካህን፡ ኅሠሥኩ ገጸከ። ገጸ ዚአከ አኅሠሥ እግዚኦ። ወኢትሚጥ ገጸከ እምኔየ። ወኢትትገኃሥ እምገብርከ ተምዒዐከ። ረዳኤ ኩንኒ ወኢትገድፈኒ ወኢትትሀየየኒ አምላኪየ ወመድኃንየ። (መዝ. ፳፯፣፯-፱)

ካህን፡ ፩ዱ አብ ቅዱስ ፩ዱ ወልድ ቅዱስ ፩ዱ ውእቱ መንፈስ ቅዱስ።

5 ሕዝቢ፡ ሃሌ ሉያ፡ ኣብ ጊዜ ቅዳሴ ካብ ምእመናን ናብ ቤተ ክርስቲያን ዝኣተወ እንተሎ፡ ቅዱሳት መጽሕፍቲ እንተ ዘይሰምዐ፡ ጸሎት ቅዳሴ ክሳዕ ዚፍጸም ከኣ እንተ ዘይተዓገሠ፡ ካብ ቊርባን እውን እንተ ዘይተቐበለ ሕጊ እግዚኣብሔር ኣፍሪሱ እዩ እሞ ኣብ ቅድሚ እቲ ንጉሥ ሥጋን መንፈስን ዝኾነ ሰማያዊ ንጉሥ ምቕጻም ኣቃሊሉ እዩ፡ ሓዋርያት ከኣ ብሲኖዶሶም ከምዚ ኢሎም ስለ ዝመሃሩና ካብ ቤተ ክርስቲያን ይፈለ።

ካብ ትንሣኤ ክሳብ ጰራቅሊጦስ

6 ሕዝብ፡ ሃሌ ሉያ ዮሴፍን ኒቆዲሞስን ነዚ ብዘደንቕ ጥበብ ካብ ሙታን ዝተንሥአ ኢየሱስ ብበፍታ ገነዝዎ።
(3 ጊዜ ይበሉ)

7 ሕዝብ፡ ንኾሉ ዓለም ሕይወት ዚህብ፡ ካብ ሰማያት ዝወረደ ሕቡእ መና ሕብስቲ፡ ኣብ ውሽጣ ዘለዋ መሶብ ወርቂ ንስኺ ኢኺ።

8 ካህን፡ አ ጎይታ ገጽካ ደሌኹ፡ ናትካ ገጽ እደሊ ኣለኹ እሞ ገጽካ ካባይ ኣይትምለስ፡ ተቐጢዕካ ድማ ካብ ባርያኻ ኣይትፈለ። ረዳኢ ኩነኒ፡ ኣይትግደፈኒ፡ ኣምላኽይን መድሓኒየይን ኢኻ እሞ ሸለል ኣይትበለኒ። (መዝ. ዳ. 27 ቁ. 8-9)

9 ካህን፡ ሓደ ኣብ ቅዱስ እዩ፡ ሓደ ወልድ ቅዱስ እዩ፡ ሓደ መንፈስ ቅዱስ'ውን ቅዱስ እዩ።

፲ ሕዝቢ፡ በአማን አብ ቅዱስ በአማን ወልድ ቅዱስ በአማን ውእቱ መንፈስ ቅዱስ።

፲፩ ካህን፡ ሰብሕዎ ለእግዚአብሔር ኵልክሙ አሕዛብ።

፲፪ ሕዝቢ፡ ወይሴብሕዎ ኵሎም ሕዝብ።

፲፫ ካህን፡ እስመ ጸንዐት ምሕረቱ ላዕሌነ።

፲፬ ሕዝቢ፡ ወጽድቂሰ ለእግዚአብሔር ይሄሉ ለዓለም።

፲፭ ካህን፡ ስብሐት ለአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ፡ ይእዜኒ ወዘልፈኒ ወለዓለመ ዓለም አሜን ሃሌ ሉያ።

፲፮ ሕዝቢ፡ ስብሐት ለአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ይእዜኒ ወዘልፈኒ ወለዓለመ ዓለም አሜን ሃሌ ሉያ።

፲፯ ዲያቆን፡ ተንሥኡ ለጸሎት።

፲፰ ሕዝቢ፡ እግዚኦ ተሣሃለነ።

፲፱ ካህን፡ ሰላም ለኵልክሙ።

፳ ሕዝቢ፡ ምስለ መንፈስከ።

፳፩ ካህን፡ ነአኵቶ ለገባሬ ሠናያት ላዕሌነ እግዚአብሔር መሐሪ አቡሁ ለእግዚእነ . . .

፳፪ ዲያቆን፡ ጸልዩ።

10 ሕዝቢ፡ አብ ብሓቂ ቅዱስ እዩ፡ ወልድ ብሓቂ ቅዱስ እዩ፡ መንፈስ ቅዱስ ብሓቂ ቅዱስ እዩ።

11 ካህን፡ ንእግዚአብሔር ኵልኹም ኣመስግንዎ።

12 ሕዝቢ፡ ኵሎም ሕዝቢውን ንእግዚአብሔር የመስግንዎ።

13 ካህን፡ ምሕረቱ ኣባና ስለ ዝጸንዐት።

14 ሕዝቢ፡ ጽድቂ እግዚአብሔርሲ ንዘለዓለም ይነብር።

15 ካህን፡ ንኣብን ንወልድን ንመንፈስ ቅዱስን ምስጋና ይኹን ሎምን ኵሉ ሳዕን ንዘልዓለም ዓለም ኣሜን ሃሌ ሉያ።

16 ሕዝቢ፡ ከምኡ ይብሉ።

17 ዲያቆን፡ ንጸሎት ተንሥኡ።

18 ሕዝቢ፡ ኦ ጎይታ ይቕረ በለልና።

19 ካህን፡ ሰላም ንኹሉኹም ይኹን።

20 ሕዝቢ፡ ምስ መንፈስካ።

21 ካህን፡ ሠናይ ነገር ንዝገበረልና ይቕረ በሃሊ እግዚኣብሔር፡ ኣቦኡ ንጎይታና . . .

22 ዲያቆን፡ ጸልዩ።

፳፫ ዲያቆን፡ ኀሡ ወአስተብቍዑ፡ ከመ ይምሐረነ እግዚአብሔር ወይሣህል ላዕሌነ፡ ወይትወከፍ ጸሎተ ወስእለተ እምነ ቅዱሳኒሁ በእንቲአነ፡ በዘይሜኒ ኵሎ ጊዜ ይረስየነ ድልዋነ ከመ ንንሣእ እምሱታፌ ምሥጢር ቡሩክ፡ ወይስረይ ለነ ኃጣውኢነ።

፳፬ ሕዝቢ፡ ኪርያላይሶን።

፳፭ ዲያቆን፡ (ንፍቅ) ተንሥኡ ለጸሎት።
፳፮ ሕዝቢ፡ እግዚኦ ተሣሃለነ።
፳፯ ካህን፡ (ንፍቅ) ሰላም ለኵልክሙ።
፳፰ ሕዝቢ፡ ምስለ መንፈስከ።

፳፱ ዲያቆን፡ (ንፍቅ) ጸልዩ በእንተ እለ ያበውኡ መባአ።

፴ ሕዝቢ፡ ተወከፍ መባኦሙ ለአኃው፡ ወተወከፍ መባኦን ለአኃት፡ ለነኒ ተወከፍ መባአነ ወቀድርባነ።

፴፩ ዲያቆን፡ (በትሑት ዜማ) ተንሥኡ ለጸሎት።

፴፪ ዲያቆን፡ ትእዛዝ አበዊነ ሐዋርያት ኢያንብር ብእሲ ውስተ ልቡ ቂመ ወበቀለ ወቅንአተ ወጽልእ ላዕለ ቢጹ ወኢላዕለ መኑሂ።

፴፫ ዲያቆን፡ ስግዱ ለእግዚአብሔር በፍርሃት።

፴፬ ሕዝቢ፡ ቅድሜከ እግዚኦ ንሰግድ ወንሴብሐከ።

23 ዲያቆን፡ እግዚኣብሔር ምእንቲ ኀምሕረናን ይቅረ ኀብለልናን፡ ኵሉ ጊዜ ብሥናይ ግብሪ ምእንታና ጸሎትን ልማኖንውን ካብ ቅዱሳኑ ኪቕበል። ካብዚ ብሩኽ ምሥጢር (ሥጋኡን ደሙን) ብሓድነት ንምቕባል ብቁዓት ኪገብረናን ኃጢኣትና ኪሠርየልናን ድለዩን ለምኑን።

24 ሕዝቢ፡ ኪርያላይሶን (አ ጎይታ፡ ይቕረ በለልና)።

25 ዲያቆን፡ (ንፍቅ) ንጸሎት ተንሥኡ።
26 ሕዝቢ፡ አ ጎይታ ይቕረ በለልና።
27 ካህን፡ (ንፍቅ) ሰላም ንኵልኹም ይኹን።
28 ሕዝቢ፡ ምስ መንፈስካ።

29 ዲያቆን፡ (ንፍቅ) ምእንቲ እቶም መባእ ዜቕርቡ ጸልዩ።

30 ሕዝቢ፡ ነሕዋት መባኦም ተቕበል፡ ንኣኃት እውን መባእን ተቕበል፡ ንኣናውን መባእናን ቍርባንናን ተቕበል።

31 ዲያቆን፡ ንጸሎት ተንሥኡ።

32 ዲያቆን፡ ትእዛዝ ኣቦታትና ሐዋርያት፡ “ሰብ ኣብ ልዕሊ ብጻዩ፡ ወይ ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ይኹን፡ ኣብ ልቡ ቂምን በቕልን፡ ቅንኣትን ጽልእን ኣየሕድር”።

33 ዲያቆን፡ ንእግዚኣብሔር ብፍርሓት ስገዱ።

34 ሕዝቢ፡ አ ጎይታ፡ ኣብ ቅድሜኻ ንሰግድን ነመስግነካን ኣሎና።

ፍትሐት ዘወልድ።

፴፭	ዲያቆን፡	በእንተ ቅድሳት ሰላማዊት ሰላመ ናስተበቍዕ ከመ እግዚአብሔር ያስተሳልመነ በሣህለ ዚአሁ።
፴፮	ሕዝቢ፡	(ለለምዕራፉ) አሜን ኪርያላይሶን እግዚኦ ተሣህለነ።
፴፯	ዲያቆን፡	በእንተ ሃይማኖትነ ናስተበቍዕ ከመ እግዚአብሔር የሀበነ እንቲአሁ ሃይማኖተ . . .
፴፰	ዲያቆን፡	ተንሥኡ ለጸሎት።
፴፱	ሕዝቢ፡	እግዚኦ ተሣሃለነ።
፵	ካህን፡	ሰላም ለኵልክሙ።
፵፩	ሕዝቢ፡	ምስለ መንፈስከ።
፵፪	ካህን፡	ንስግድ (፫ ጊዜ)
፵፫	ሕዝቢ፡	ለአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ እንዘ ሠለስቱ አሐዱ። (፫ ጊዜ)
፵፬	ካህን፡	ሰላም ለኪ።
፵፭	ሕዝቢ፡	ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ማኅደረ መለኮት።
፵፮	ካህን፡	ሰአሊ ለነ።
፵፯	ሕዝቢ፡	ድንግል ማርያም ወላዲተ አምላክ።

ናይ ኑዛዜ ጸሎት።

35	ዲያቆን፡	እግዚኣብሔር ብምሕረቱ ሓደ ክገብረና ምእንቲ እዚ ሓድነት ዝህብ ሥግኡን ደሙን ሰላም ንልምን ኣሎና።
36	ሕዝቢ፡	ኣሜን ኦ ጎይታ ይቕረ በለልና።
37	ዲያቆን፡	ናቱ እምነት ብንጹህ ክንሕሉ ኪህበና፡ ምእንቲ ሃይማኖትና ንልምን ኣሎና።
38	ዲያቆን፡	ንጸሎት ተንሥኡ።
39	ሕዝቢ፡	ኦ ጎይታ ይቕረ በለልና።
40	ካህን፡	ሰላም ንኾልኹም ይኹን።
41	ሕዝቢ፡	ምስ መንፈስካ።
42	ካህን፡	ንስገድ (3 ጊዜ)
43	ሕዝቢ፡	ሰለስተ ኾለዉ ሓደ ዝኾኑ ንኣብ ንወልድ ንመንፍስ ቅዱስ። (3 ጊዜ)
44	ካህን፡	ሰላም ንዓኺ ይኹን።
45	ሕዝቢ፡	ኦ ማኅደር መለኮት ዝኾንኪ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን።
46	ካህን፡	ለምንልና።
47	ሕዝቢ፡	ኦ ድንግል ማርያም ወላዲተ ኣምላኽ።

፶፫	ካህን፡	አንቲ ውእቱ።
፶፬	ሕዝቢ፡	ማዕጠንት ዘወርቅ እንተ ያርኪ ፍሕመ እሳት ቡሩክ ዘነሥአ እመቅደስ ዘይሠሪ ኃጢአተ ወይደመስስ ጌጋየ ዝውእቱ ዘእግዚአብሔር ቃል ዘተሰብአ እምኔኪ፡ ዘአዕረገ ለአቡሁ ርእሶ ዕጣነ ወመሥዋዕተ ሥሙረ።
		ንሰግድ ለኪ ክርስቶስ ምስለ አቡኪ ጌር ሰማያዊ ወመንፈስኪ ቅዱስ ማሕየዊ እስመ መጻእኪ ወአድኃንከነ።
፶፭	ዲያቆን፡	(ንፍቅ) ተንሥኡ ለጸሎት።
፶፮	ሕዝቢ፡	እግዚኦ ተሣሃለነ።
፶፯	ካህን፡	(ንፍቅ) ሰላም ለኵልክሙ።
፶፰	ሕዝቢ፡	ምስለ መንፈስክ።
		እምድሕረ ንባብ መልእክተ ጳውሎስ
፶፱	ሕዝቢ፡	ቅዱስ ሐዋርያ ጳውሎስ ሠናየ መልእክት ፈዋሴ ዱያን ዘነሳእከ አክሊለ ሰአል ወጸሊ በእንቲአነ ያድኅን ነፍሳተነ በብዝኃ ሣህሉ ወምሕረቱ በእንተ ስሙ ቅዱስ።
፷	ዲያቆን፡	ተንሥኡ ለጸሎት።
፷፩	ሕዝቢ፡	እግዚኦ ተሣሃለነ።
፷፪	ካህን፡	ሰላም ለኵልክሙ።
፷፫	ሕዝቢ፡	ምስለ መንፈስክ።

48	ካህን፡	ንስኺ ኢኺ።
49	ሕዝቢ፡	ኃጢኣት ዘሥተስሪ ጌጋ ዝድምስስ ቡሩኽ ኣሮን ካብ ቤት መቕደስ ዝወሰዳ ፍሕሚ ሓዊ ዝጸረት ማዕጠንቲ ወርቂ ንስኺ ኢኺ። እዚ እውን ካባኺ ዝተወልደ ርእሱ ሥሙር ዕጣንን መስዋዕትን ገይሩ ነቡኡ ዘዕረገ፡ ናይ እግዚኣብሔር ቃል እዩ።
		ኦ ክርስቶስ መጺእካ ስለ ዘድሓንካና ምስ ሰማያዊ ጌር ኣቦኻን ምስ መሕወዪ ቅዱስ መንፈስካን ንሰግደልካ ኣሎና።
50	ዲያቆን፡	(ንፍቅ) ንጸሎት ተንሥኡ።
51	ሕዝቢ፡	ኦ ጎይታ ይቕረ በለልና።
52	ካህን፡	(ንፍቅ) ሰላም ንኹልኹም ይኹን።
53	ሕዝቢ፡	ምስ መንፈስካ።
		መልእኽቲ ጳውሎስ ምስ ተነበበ
54	ሕዝቢ፡	ናይ ሰማዕትነት ኣኽሊል ዝተቐበልካ ንሕሙማት እትፍውስ፡ መልእኽትኻ ሠናይ ዝኾነ፡ ኦ ቅዱስ ሓዋርያ ጳውሎስ ምእንቲ ቕዱስ ስሙን ብብዝሒ ፍቕሩን ምሕረቱን ነፍሳትና ኬድሕን ምእንታና ጸልን ለምንን።
55	ዲያቆን፡	ንጸሎት ተንሥኡ።
56	ሕዝቢ፡	ኦ ጎይታ ይቕረ በለልና።
57	ካህን፡	ሰላም ንኹልኹም ይኹን።
58	ሕዝቢ፡	ምስ መንፈስካ።

፶፱ ሕዝቢ፡ ቅዱስ ሥሉስ ዘኀቡር ህላዌከ ዕቀብ ማኅበረነ በእንተ ቅዱሳን ኀሩያን አርዳኢከ ናዝዘነ በሣህልከ በእንተ ቅዱስ ስምከ።

ፍ ዲያቆን፡ ተንሥኡ ለጸሎት።
ፍ፩ ሕዝቢ፡ እግዚአ ተሣሃለነ።
ፍ፪ ሕዝቢ፡ ሰላም ለኵልክሙ።
ፍ፫ ሕዝቢ፡ ምስለ መንፈስከ።

ፍ፬ ሕዝቢ፡ ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ አንተ አምላክ አብ አኃዜ ኵሉ፡
ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ አንተ ወልድ ዋሕድ ዘአንተ ቃለ አብ ሕያው፡
ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ አንተ መንፈስ ቅዱስ ዘተአምር ኵሎ።

ዝውእቱ ጊዜ ባርኮት

ፍ፭ ካህናት፡ ዝውእቱ ጊዜ ባርኮት፡ ወዝውእቱ ጊዜ ዕጣን ኀሩይ፡ ጊዜ ሰብሐቱ ለመድኃኒነ መፍቀሬ ሰብእ ክርስቶስ።

ፍ፮ ሕዝቢ፡ ዕጣን ይእቲ ማርያም፡ ዕጣን ውእቱ እስመ ዘውስተ ከርሣ ዘይትሜዓዝ እምኵሉ ዕጣን ዘወለደቶ መጽአ ወአድኀነነ።

ፍ፯ ካህናት፡ ዕፍረት ምዑዝ ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ንዑ ንስግድ ሎቱ ወንዕቀብ ትእዛዛቲሁ፡ ከመ ይሥረይ ለነ ኃጣውኢነ።

59 ሕዝቢ፡ ህልውናኻ ሐደ ዝኾነ አ ሥሉስ ቅዱስ ንማኅበርና ሓሉ፡ ምእንቲ ቅዱሳንን ኀሩያንን አገልገልትኻን ምእንቲ ቅዱስ ስምካን ብሣህልኻ አጸናንዓና።

60 ዲያቆን፡ ንጸሎት ተንሥኡ።
61 ሕዝቢ፡ አ ጎይታ ይቕረ በለልና።
62 ካህን፡ ሰላም ንኹልኹም ይኹን።
63 ሕዝቢ፡ ምስ መንፈስካ።

64 ሕዝቢ፡ ኵሉ ዝሓዝካ አ አብ ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ አምላኽ ንስኻ ኢኻ።
ናይ ሕያው አብ ቃል ዝኾንካ አ ወልድ ዋሕድ ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ ንስኻ ኢኻ።
ኵሉ እትፈልጥ መንፈስ ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ ንስኻ ኢኻ።

ናይ ምስጋና ጊዜ

65 ካህናት፡ ናይ ምስጋና ጊዜ ሕጂ እዩ፡ ናይ ዝተመርጸ ዕጣን ጊዜ እውን ሕጂ እዩ። መፍቀር ሰብ ንዝኾነ መድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ጊዜ ምስጋናኡ ሕጂ እዩ።

66 ሕዝቢ፡ ማርያም ዕጣን እያ፡ ንሱ ኸኣ ዕጣን እዩ፡ ኣብ ከርሣ ዝሓደረ፡ ካብ ኩሉ ዕጣን ምዑዝ እዩ፡ እሞ ዝወለደቶ መጺኡ ኣድሒኑና።

67 ካህናት፡ ምዑዝ ጨና ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ፡ ኃጢኣትና ኬስተስርየልና ንዑ ንስገደሉ፡ ትእዛዙውን ንሓሉ።

፷፰ ሕዝቢ፡ ተውህቦ ምሕረት ለሚካኤል፡ ወብሥራት ለገብርኤል፡ ወሀብተ ሰማያት ለማርያም ድንግል።

ፍ፱ ካህናት፡ ተውህቦ ልቡና ለዳዊት፡ ወጥበብ ለሰሎሞን፡ ወቀርነ ቅብዕ ለሳሙኤል እስመ ውእቱ ዘይቀብዕ ነገሥተ።

ፎ ሕዝቢ፡ ተውህቦ መራኁት ለአቡነ ጴጥሮስ፡ ወድንግልና ለዮሐንስ፡ ወመልእክት ለአቡነ ጳውሎስ እስመ ውእቱ ብርሃና ለቤተ ክርስቲያን።

ፎ፩ ካህናት፡ ዕፍረት ምዕዝት ይእቲ ማርያም፡ እስመ ዘውስተ ከርሣ ዘይትሌዓል እምኵሉ ዕጣን መጽአ ወተሠገወ እምኔሃ።

ፎ፪ ሕዝቢ፡ ለማርያም ድንግል ንጽሕት፡ ሠምራ አብ ወአሠርገዋ ደብተራ ለማኅደረ ፍቁር ወልዱ።

ፎ፫ ካህናት፡ ተውህቦ ሕግ ለሙሴ፡ ወክህነት ለአሮን፡ ተውህቦ ዕጣን ጎሩይ ለዘካርያስ ካህን።

ፎ፬ ሕዝቢ፡ ደብተራ ስምዕ ገብርዋ በከመ ነገረ እግዚእ፡ ወአሮን ካህን በማእከላ የዐርግ ዕጣነ ጎሩየ።

ፎ፭ ብሓባር፡ ሱራፌል ይሰግዱ ሎቱ፡ ወኪሩቤል ይሴብሕዎ ይጸርሑ እንዘ ይብሉ።

68 ሕዝቢ፡ ንሚካኤል ምሕረት ተዋህቦ፡ ንገብርኤል ድማ ብሥራት፡ ሰማያዊ ሃብቲውን ንማርያም ድንግል ተዋህባ።

69 ካህናት፡ ንዳዊት ልቦና፡ ንሰሎሞን ከኣ ጥበብ፡ ንሳሙኤል እውን ንነገሥትታት ዚቕብእ ንሱ እዩ እሞ ቀርን ቕብኢ ተዋህቦ።

70 ሕዝቢ፡ ነቦና ጴጥሮስ መፍትሕ፡ ንዮሓንስ ድንግልና፡ ንቤተ ክርስቲያን ብርሃና ስለ ዝኾነ ድማ ነቦና ጳውሎስ መልእኽቲ ተዋህቦ።

71 ካህናት፡ መኣዛ ዘለዋ ዕፍረት ማርያም እያ፡ እቲ ኣብ ከርሣ ዘሎ ኻብ ኵሉ ዕጣን ዚበልጽ ስለ ዝኾነ መጺኡ ኻብኣ ሰብ ኮነ።

72 ሕዝቢ፡ ንንጽሕቲ ድንግል ማርያም ኣብ መረጻ፡ ንፍቁር ወዱ መጎደሪ ኽትከውን ከኣ ዝተሰለመት ድንኳን ገበራ።

73 ካህናት፡ ንሙሴ ሕጊ ተዋህቦ፡ ንኣሮን ድማ ክህነት፡ ንዘካርያስ ካህንውን ዝተመርጸ ዕጣን ተዋህቦ።

74 ሕዝቢ፡ ጐይታ ከም ዝተናገረ፡ ናይ ምስክር ድንኳን ገበርዋ፡ ኣሮን ካህንውን ኣብ ማእከላ ዝተምርጸ ዕጣን የዕርግ ነበረ።

75 ብሓባር፡ ሱራፌል ይሰግዱሉ፡ ኪሩቤልውን የምስግንዎ ከምዚ እናበሉ (ይጭድሩ) የቓልሑ።

ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ እግዚአብሔር በጎበ አእላፍ ወክቡር በውስተ ረበዋት።

ፎ፯ ሕዝቢ፡ አንተ ውእቱ ዕጣን አ መድኃኒነ፡ እስመ መጻእከ ወአድኃንከነ ተሣሃለነ።

(ህየንተ ዝ ውእቱ) እምትንሣኤ እስከ በአለ ፱

ፎ፯ ካህናት፡ ክርስቶስ ተንሥአ እሙታን ሞተ ወኬዶ ለሞት፡ ለእለ ውስተ መቃብር ወሀበ ሕይወተ ዘለዓለም ዕረፍተ።

ፎ፰ ሕዝቢ፡ ክርስቶስ ተንሥአ እሙታን ሞተ ወኬዶ ለሞት፡ ለእለ ውስተ መቃብር ወሀበ ሕይወተ ዘለዓለም ዕረፍተ።

ፎ፱ ብሓባር፡ ክርስቶስ ተንሥአ እሙታን ሞተ ወኬዶ ለሞት፡ ለእለ ውስተ መቃብር ወሀበ ሕይወተ ዘለዓለም ዕረፍተ።

እግዚአብሔር ብአእላፍ (መላእኽቲ) ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ እዩ፡ ብረበዋትውን ክቡር እዩ።

76 ሕዝቢ፡ አ መድኃኒና ዕጣን ንስኻ ኢኻ፡ መጺእካ ስለ ዘድሓንካና ይቕረ በለልና።

(ኣብ ክንዲ ዝውእቱ) ካብ ትንሣኤ ክሳብ በዓለ ኃምሳ

77 ካህናት፡ ክርስቶስ ካብ ሙታን ተንሥኡ፡ ሞይቱውን ንሞት ደምሰሶ፡ ኣብ መቓብር ንዘለዉ ኽኣ ናይ ዘለዓለም ዕረፍትን ሕይወትን ሃበ።

78 ሕዝቢ፡ ክርስቶስ ካብ ሙታን ተንሥኡ፡ ሞይቱውን ንሞት ደምሰሶ፡ ኣብ መቓብር ንዘለዉ ኽኣ ናይ ዘለዓለም ዕረፍትን ሕይወትን ሃበ።

79 ብሓባር፡ ክርስቶስ ካብ ሙታን ተንሥኡ፡ ሞይቱውን ንሞት ደምሰሶ፡ ኣብ መቓብር ንዘለዉ ኽኣ ናይ ዘለዓለም ዕረፍትን ሕይወትን ሃበ።

፹ ካህን፡ (በዓራራይ ዜማ) **ቅዱስ**

፹፩ ሕዝቢ፡ **እግዚአብሔር ቅዱስ ኃያል፡ ቅዱስ ሕያው ዘኢይመውት ዘተወልደ እማርያም እምቅድስት ድንግል ተሣሃለነ እግዚኦ።**

ቅዱስ እግዚአብሔር ቅዱስ ኃያል ቅዱስ ሕያው ዘኢይመውት ዘተጠምቀ በዮርዳኖስ ወተሰቅለ ዲበ ዕፀ መስቀል ተሣሃለነ እግዚኦ።

ቅዱስ እግዚአብሔር ቅዱስ ኃያል ቅዱስ ሕያው ዘኢይመውት ዘተንሥአ እሙታን አመ ሣልስት ዕለት ዐርገ በሰብሐት ውስተ ሰማያት ወነበረ በየማነ አቡሁ ዳግመ ይመጽእ በስብሐት ይኴንን ሕያዋነ ወሙታነ ተሣሃለነ እግዚኦ።

ስብሐት ለአብ ስብሐት ለወልድ ስብሐት ለመንፈስ ቅዱስ ይእዜኒ ወዘልፈኒ ወለዓለመ ዓለም አሜን ወአሜን ለይኩን ለይኩን።

፹፪ ብሓባር፡ **ቅዱስ ሥሉስ እግዚአብሔር ሕያው ተሣሃለነ።**

፹፫ ካህን፡ **ጸጋ ዘእግዚአብሔር የሃሉ ምስሌክሙ።**

፹፬ ሕዝቢ፡ **ምስለ መንፈስከ።**

፹፭ ካህን፡ **ንሰብሖ ለአምላክነ።**

80 ካህን፡ **ቅዱስ**

81 ሕዝቢ፡ **እግዚኣብሔር ቅዱስ ኃያል ቅዱስ ዘይመውት ሕያው ካብ ቅድስቲ ድንግል ማርያም ዝተወልደ፡ ኦ ጎይታ ይቐረ በለልና።**

ቅዱስ እግዚኣብሔር ቅዱስ ኃያል፡ ቅዱስ ዘይመውት፡ ሕያው ኣብ ዮርዳኖስ ዝተጠምቀ፡ ኣብ ልዕሊ ዕንጸይቲ መስቀል ዝተሰቕለ ኦ ጎይታ ይቐረ በለልና።

ቅዱስ እግዚኣብሔር ቅዱስ ኃያል፡ ቅዱስ ዘይመውት ሕያው ፡ ኣብ ሣልሳይ መዓልቲ ካብ ምዉታት ተፈልዩ ዝተንሥኣ፡ ብምስጋና ናብ ሰማያት ዝዓረገ፡ ኣብ የማን ኣቦኡ ዝተቐመጠ፡ ኣብ ሕያዋንን ምዉታትን ኪፈርድ ከም ብሓድሽ ኪመጽእ እዩ።

ኦ ጎይታ ይቐረ በለልና። ምስጋና ንኣብ ምስጋና ንወልድ ምስጋና ንመንፈስ ቅዱስ ይኹን። ሎምን ኵሉ ሳዕን ንዘለዓለም ዓለም ኣሜን ኣሜን ይኹን ይኹን።

82 ብሓባር፡ **ቅዱስ ሥሉስ ሕያው እግዚኣብሔር ይቐረ በለልና።**

83 ካህን፡ **ናይ እግዚኣብሔር ጸጋ ምሳኹም ይኹን።**

84 ሕዝቢ፡ **ምስ መንፈስካ።**

85 ካህን፡ **ነመስግኖ ንኣምላኽና።**

፹፮ ሕዝቢ፡ **ርቱዕ ይደሉ**

፹፯ ካህን፡ አጽንዑ ሕሊና ልብክሙ

፹፰ ሕዝቢ፡ ብነ ኀበ እግዚአብሔር፡ አቡነ ዘበሰማያት አቡነ ዘበሰማያት አቡነ ዘበሰማያት ኢታዕብአነ እግዚኦ ውስተ መንሱት።

፹፱ ሕዝቢ፡ ኪያከ ንሴብሕ እግዚኦ።

፺ ሕዝቢ፡ ኪያከ ንቄድስ እግዚኦ።

፺፩ ካህን፡ መንግሥት ቡሩክ፡ ለዓለመ ዓለም።

፺፪ ሕዝቢ፡ አሜን።

86 ሕዝቢ፡ ብሓቂ ይግባእ እዩ።

87 ካህን፡ ሕሊና ልብኹም ኣጽንዑ።

88 ሕዝቢ፡ ኣብ እግዚኣብሔር ኣቦና ኣሎና። ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና፡ ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና፡ ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና፡ ናብ ፈተና ኣይተእትወና።

89 ሕዝቢ፡ ኣ ጐይታ ንዓኻ ነመሥግን ኣሎና።

90 ሕዝቢ፡ ኣ ጐይታ ንዓኻ ንውድስ ኣሎና።

91 ካህን፡ ብሩኽ መንግስቲ ናትካ እያ እሞ፡

92 ሕዝቢ፡ ኣሜን።

እምትንሣኤ እስከ በዓለ ሃምሳ (፶)

፺፫	ካህን፡	ክርስቶስ ተንሥአ እሙታን።
፺፬	ሕዝቢ፡	በዓቢይ ኃይል ወሥልጣን።
፺፭	ካህን፡	አሰሮ ለሰይጣን።
፺፮	ሕዝቢ፡	አግአዞ ለአዳም።
፺፯	ካህን፡	ሰላም።
፺፰	ሕዝቢ፡	እምይእዜሰ።
፺፱	ካህን፡	ይኩን።
፻	ሕዝቢ፡	ፍስሐ ወሰላም።

ካብ ትንሳኤ ክሳዕ ብዓል ሓምሳ

93	ካህን፡	ክርስቶስ ካብ ምውታን ተንሰኤ።
94	ሕዝቢ፡	ብዓቢይ ሓይልን ስልጣንን።
95	ካህን፡	ንሰይጣን ኣሰሮ።
96	ሕዝቢ፡	ንኣዳም ካኣ ሓራ ኣውጽኦ።
97	ካህን፡	ሰላም።
98	ሕዝቢ፡	ካብ ሎሚ።
99	ካህን፡	ይኹን።
100	ሕዝቢ፡	ፍሰሓን ሰላምን።

101 ሕዝቢ፡ ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና ...
ኦ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም...

102 ሕዝቢ፡ ኦ ሥሉስ ቅዱስ ምሓረና፡ ኦ ሥሉስ ቅዱስ ራኅርኃልና፡ ኦ ሥሉስ ቅዱስ ይቕረ በለልና።

103 ካህን፡ ጸጋ ዝተመላእኪ ኦ ድንግል ማርያም ደስ ይበልኪ፡ ደስ ይበልኪ፡ ደስ ይበልኪ።

104 ሕዝቢ፡ እግዚኣሔር ምሳኺ እዩ።

105 ካህን፡ ናብ ፍቁር ወድኺ።

106 ሕዝቢ፡ ኃጢያትና ምእንቲ ኪሥርየልና ጸልይልናን ለምንልናን።

107 ካህን፡ ንሥሉስ ቅዱስ ንኣብ ንወልድ ንመንፈስ ቅዱስ ምስጋናን ክብርን ይኹን። ሎምን ኵሉ ሳዕን ንዘለዓለም ዓለም ኣሜን።

108 ዲያቆን፡ ንጸሎት ተንሥኡ።
109 ሕዝቢ፡ ኦ ጎይታ ይቕረ በለልና።
110 ካህን፡ ሰላም ንኹልኹም ይኹን።
111 ሕዝቢ፡ ምስ መንፈስካ።

112 ዲያቆን፡ ምእንቲ ቅዱስ ወንጌል ጸልዩ።

113 ሕዝቢ፡ ቃል ቅዱስ ወንጌል ንምስማዕ ድልዋት ግበረና።

፻፩ ሕዝቢ፡ አቡነ ዘበሰማያት . . .
በሰላመ ቅዱስ ገብርኤል መልአክ . . .

፻፪ ሕዝቢ፡ ኦ ሥሉስ ቅዱስ መሐረነ ኦ ሥሉስ ቅዱስ መሐኸነ ኦ ሥሉስ ቅዱስ ተማሃለነ።

፻፫ ካህን፡ ቦኢ፡ መልአክ፡ ሀቤሃ ወይቤላ።
ተፈሥሒ ተፈስሒ ተፈሥሒ ኦ ማርያም ድንግል ምልዕተ ጸጋ።

፻፬ ሕዝቢ፡ እግዚኣብሔር ምስሌኪ

፻፭ ካህን፡ ተንብሊ ወሰአሊ ኀበ ፍቁር ወልድኪ

፻፮ ሕዝቢ፡ ከመ ይሥረይ ለነ ኃጣውኢነ።

፻፯ ካህን፡ ስብሐት ወክብር ለሥሉስ ቅዱስ ይደሉ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኵሎ ጊዜ ይእዜኒ ወዘልፈኒ ወለዓለመ ዓለም ኣሜን።

፻፰ ዲያቆን፡ ተንሥኡ ለጸሎት።
፻፱ ሕዝቢ፡ እግዚኦ ተማሃለነ።
፻፲ ካህን፡ ሰላም ለኵልክሙ።
፻፲፩ ሕዝቢ፡ ምስለ መንፈስከ።

፻፲፪ ዲያቆን፡ ጸልዩ በኣንተ ወንጌል ቅዱስ

፻፲፫ ሕዝቢ፡ ይረስየነ ድልዋነ ለሰሚዐ ወንጌል ቅዱስ

ይበል ዲያቆን እም መዝሙረ ዳዊት ዘዕለት

ምሳሌ፡

“ ይትዐየን መልኣከ እግዚኣብሔር ዓውዶሙ።
ለእለ ይፈርህዎ፡ ወያድህኖሙ፡ ጠዓሙ ወታእምሩ፡
ከመ ኄር እግዚኣብሔር። ”

መዝ፡፴፬፡፯

ፀ፲፬ ዲያቆን፡ ሃሌ ሉያ ቁሙ ወአጽምዑ ወንጌለ ቅዱሰ ዜናሁ ለእግዚእነ ወመድኃኒነ ኢየሱስ ክርስቶስ።

ፀ፲፭ ካህን፡ እግዚኣብሔር ምስለ ኵልክሙ።

ፀ፲፮ ሕዝቢ፡ ምስለ መንፈስከ።

ፀ፲፯ ካህን፡ ወንጌል ቅዱስ ዘዜነወ በማቴዎስ/በማርቆስ/ወበሉቃስ ዘሰበከ ዮሐንስ ቃለ ወልደ እግዚኣብሔር።

ፀ፲፰ ሕዝቢ፡ ስብሐት ለከ ክርስቶስ እግዚእየ ወኣምላኪየ ኵሎ ጊዜ።
ተፈስሑ በእግዚኣብሔር ዘረድኣነ ወየብቡ ለአምላከ ያዕቆብ ንሥኡ መዝሙረ ወሀቡ ከበሮ መዝሙር ሐዋዝ ዘምስለ መሰንቆ።
መዝ፡፹፩፡፩-፪

በጸም ህየንተ ተፈስሑ።

ፀ፲፱ ሕዝቢ፡ በወንጌል መራሕከነ ወበነቢያት ናዘዝከነ፡ ዘለሊከ አቅረብከነ ስብሐት ለከ።

ዲያቆን ካብ መዝሙር ዳዊት ንዕለቱ፡ ዚግባእ ፈሊጡ ይሰብኾ

ምሳሌ፡

“መልኣኽ እግዚኣብሔር ኣብ ዙርያ እቶም ዚፈርህዎ ይሰፍር፡
የናግፎም ከኣ እዩ፡
እግዚኣብሔር ሰናይ ምኻኑ ጥዓሙን ርኣዩን”

መዝ፡፴፬፡፯ (34፡7)

114 ዲያቆን፡ ሃሌ ሉያ፡ ናይ ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ዜና ቅዱስ ወንጌል ቕምኩም ስምዑ።

115 ካህን፡ እግዚኣብሔር ምስ ኵልኹም ይኹን።

116 ሕዝቢ፡ ምስ መንፈስካ።

117 ካሕን፡ ዮሓንስ ዝሰበኾ ቃል ወዲ እግዚኣብሔር ቅዱስ ወንጌል እዚ እዩ። (ማቴዎስ፡ ማርቆስ፡ ሉቃስ ዘዘንተዎ ቃል እግዚኣብሔር ቅዱስ እዚ እዩ።)

118 ሕዝቢ፡ ኦ ጐይታይን ኣምላኽይን ክርስቶስ ንዓኻ ኵሉ ግዜ ምስጋና ይኹን። ብዝረድኣና ብእግዚኣብሔር ደስ ይበልኩም፡ ንኣምላኽ ያዕቆብውን እልል በሉሉ። ከበሮ ሃቡ፡ መዝሙር ምስ መሰንቆ ጥዑም እዩ።
መዝ፡፹፩፡፩-፪ (81፡1-2)

ብጊዜ ጸም ኣብ ክንዲ “ተፈስሑ” እዚ ይበሃል።

119 ሕዝቢ፡ ብወንጌል መራሕካና፡ ብነብያትውን ናዘዝካና ባዕልኻ ንዘቕረብካና ምስጋና ነኣኻ ይኹን።

ወይሳለሙ ኵሎሙ ካህናት ወኵሉ ሕዝብ ወንጌለ።

፻፳ ዲያቆን፡ (ነስሑ) እስመ ቀርበት መንግሥተ ሰማያት።

ወያንብብ ካህን ወንጌለ መንገለ ምሥራቅ

<u>እምድኅረ አንበበ ወንጌል ዘማቴዎስ</u>

፻፳፩ ካህን፡ ሰማይ ወምድር የኀልፍ። ወቃልየሰ ኢየኀልፍ ይቤ እግዚእ ለአርዳኢሁ።

፻፳፪ ሕዝቢ፡ ነአምን አበ ዘበአማን፡ ወነአምን ወልደ ዘበአማን፡ ወነአምን መንፈሰ ቅዱሰ ዘበአማን፡ ህልወ ሥላሴሆሙ ነአምን።

<u>እምድኅረ አንበበ ወንጌል ዘማርቆስ</u>

፻፳፫ ካህን፡ ዘቦ እዝን ሰሚዐ ለይሰማዕ።

፻፳፬ ሕዝቢ፡ እሉ ኪሩቤል ወሱራፌል ያዐርጉ ሎቱ ስብሕተ እንዘ ይብሉ፡ ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ አንተ እግዚአብሔር አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ።

ኵሎም ድማ ወንጌል ይሳለሙ

120 ዲያቆን፡ መንግስተ ሰማያት፡ ቀሪባ ኣላ፡ ተነስሑ።

ካህን ገጹ ናብ ምብራቕ ኣቢሉ ወንጌል የንብብ

<u>ወንጌል ማቴዎስ ምስ ተነበ</u>

121 ካህን፡ ሰማይን ምድርን ክኃልፍ እዩ፡ ቃለይ ግና ኣይኪኃልፍን እዩ፡ በለ ጐይታ ንደቀ መዛሙርቱ።

122 ሕዝቢ፡ ብሓቂ ንዚእመን ኣብ ንኣምን፡ ብሓቂ ንዚእመን ወልድ ንኣምን፡ ብሓቂ ንዚእመን መንፈስ ቅዱስውን ንኣምን፡ ህልው ዝኾነ ሠለስትነቶም ንኣምን።

<u>ወንጌል ማርቆስ ምስ ኣንበበ</u>

123 ካህን፡ እዝኒ ልቦና ዘለዎ ይስማዕ።

124 ሕዝቢ፡ እዚኣቶም ኪሩቤልን ሱራፌልን እግዚኣብሔር ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን፡ ቅዱስ፡ ቅዱስ፡ ቅዱስ ኢኻ እናበሉ ምስጋና የቕርቡሉ።

እምድኅረ አንበበ ወንጌል ዘሉቃስ

፻፳፭ ካህን፡ **ይቀልል ኀልፈተ ሰማይ ወምድር እምትደቅ አሐቲ ቃል እምኦሪት ወእምነቢያት።**

፻፳፮ ካህን፡ **መኑ ይመስለከ እምነ አማልክት እግዚኦ አንተ ውእቱ ዘትገብር መንክረ አርአይኮሙ ለሕዝብከ ኃይለከ ወአድኃንኮሙ ለሕዝብከ በመዝራዕትከ ሐርከ ውስተ ሲኦል ወአዕረገ ፄዋ እምህየ ወጸጎነ ምዕረ ዳግመ ግዕዛነ እስመ መጻእከ ወአድኀንከነ። በእንተ ዝንቱ ንሴብሐከ ወንጸርሕ ኀቤከ እንዘ ንብል፡ ቡሩክ አንተ እግዚኦ ኢየሱስ ክርስቶስ እስመ መጻእከ ወአድኃንከነ።**

እምድኅረ አንበበ ወንጌል ዘዮሐንስ

ፀ፳፯ ካህን፡ **ዘየአምን በወልድ ቦ ሕይወት ዘለዓለም።**

ፀ፳፰ ሕዝቢ፡ **ቀዳሚሁ ቃል ውእቱ ቃል ቃለ እግዚአብሔር፡ ውእቱ ቃል ሥጋ ኮነ ወኀደረ ላዕሌነ፡ ወርኢነ ስብሐቲሁ ከመ ስብሐተ ፡ዬዱ (አሐዱ) ዋሕድ ለአቡሁ፡ ቃለ አብ ሕያው ወቃል ማሕየዊ ቃለ እግዚአብሔር ተንሥአ ወሥጋሁኒ ኢማሰነ።**

ፀ፳፱ ዲያቆን፡ **ፃኡ ንኡሰ ክርስቲያን።**

ወንጌል ሉቃስ ምስ ተነበ

125 ካህን፡ **ካብ ኦሪትን ነቢያትን ሓንቲ ቃል ካብ እትወድቕስ ሰማይን ምድርን ኪኀልፍ ይቕልል።**

126 ሕዝቢ፡ **አ ጐይታ፡ ካብ ኣማልኽቲ ዚመሰለካ መን እዩ፡ ተኣምራት እትገብር ንስኻ ኢኻ፡ ንሕዝብኻ ኃይልኻ ኣርኣኻዮም፡ ናብ ሲኦል ኬድካ፡ ካብኡ እውን ምርኮ ኣውፃእካ፡ ሓንሳእውን ዕጽፊ ሓርነት ሃብካና፡ መጺእካ ስለ ዘድኃንካና፡ ነመስግነካ ኣሎና። አ ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ መጺእካ ኣድኒንካና ኢኻ እሞ ብሩኽ ኢኻ፡ እናበልናውን ዓው ኢልና ነመስግነካ ኣሎና።**

ወንጌል ዮሓንስ ምስ ኣንበበ

127 ካህን፡ **ብወልድ ዚኣምን ናይ ዘልዓለም ሕይወት ኣለዎ።**

128 ሕዝቢ፡ **ቃል ብቕድሙ ነበረ፡ እዚ ቃል እዚ ናይ እግዚኣብሔር ቃል እዩ፡ እቲ ቃል ሰብ ኮነ ኣባና ድማ ኀደረ። ከም ክብሪ ሓደ ወዲ ነቦኡ ዝኾነ ክብሩውን ረኣና። ናይ ሕያው ኣብ ቃል እዩ፡ መሕወዪውን እዩ። ናይ እግዚኣብሔር ቃል ተንስኣ ሥጋኡውን ኣይማሰነን።**

129 ዲያቆን፡ **(ንኡስ ክርስቲያን) ዘይተጠመቕኩም ኣመንቲ ውፁ።**

፻፴ ዲያቆን፡ ተንሥኡ ለጸሎት።
፻፴፩ ሕዝቢ፡ እግዚኦ ተሣሃለነ።
፻፴፪ ካህን፡ ሰላም ለኵልክሙ።
፻፴፫ ሕዝቢ፡ ምስለ መንፈስከ።

፻፴፬ ዲያቆን፡ ጸልዩ በእንተ ሰላመ ቤተክርስቲያን አሓቲ ቅድስት ጉባኤ እንተ ሐዋርያት ርትዕት በጎበ እግዚአብሔር።

፻፴፭ ሕዝቢ፡ ኪርያላይሶን።

፻፴፮ ዲያቆን፡ (ንፍቅ) ተንሥኡ ለጸሎት።
፻፴፯ ሕዝቢ፡ እግዚኦ ተሣሀለነ።
፻፴፰ ካህን፡ (ንፍቅ) ሰላም ለኵልክሙ።
፻፴፱ ሕዝቢ፡ ምስለ መንፈስከ።

ካህን፡ (ንፍቅ) ወካዕበ ናስተበቍዕ . . .

፻፵ ዲያቆን፡ (ንፍቅ) ጸልዩ በእንተ ሊቅነ ርዕሰ ሊቃነ ጳጳሳት ኣባ እገሌ ዘሀገር ዐባይ ኤርትራ ወዲበ ርእሰ ሀገር ኣበዊነ ብፁዕ ሊቀ ጳጳሳት ኣባ እገሌ ወኵሎሙ ኤጲስ ቆጶሳት ቀሳውስት ወዲያቆናት ርቱዓነ ሃይማኖት።

ካህን፡ (ንፍቅ) እግዚአብሔር ኣምላክነ . . .

130 ዲያቆን፡ ንጸሎት ተንሥኡ።
131 ሕዝቢ፡ ኦ ጎይታ ይቕረ በለልና።
132 ካህን፡ ሰላም ንኹልኹም ይኹን።
133 ሕዝቢ፡ ምስ መንፈስካ።

134 ዲያቆን፡ ምእንቲ ሰላም ሓንቲ ቅድስቲ ቤተ ክርስቲያን ጸልዩ፡ ንሳ ናይ ሓዋርያት ጉባኤ ዝኾነት እያ።

135 ሕዝቢ፡ ኦ ጎይታ ይቕረ በለልና።

136 ዲያቆን፡ (ንፍቅ) ንጸሎት ተንሥኡ።
137 ሕዝቢ፡ ኦ ጎይታ ይቕረ በለልና።
138 ካህን፡ (ንፍቅ) ሰላም ንኹልኹም ይኹን።
139 ሕዝቢ፡ ምስ መንፈስካ።

140 ዲያቆን፡ (ንፍቅ) ምእንቲ መምህርና ርእሲ ሊቃነ ጳጳሳት ናይ ዓባይ ሃገር ኤርትራ ኣባ እገሌን ምእንቲ ኣብ ርእሲ ኾተማና ዝተሸመ ብፁዕ ሊቀ ጳጳስና ኣባ እገሌን፡ ሃይማኖቶም ቅኑዕ ምእንቲ ዝኾኑ ኤጲስ ቆጶሳትን ቀሳውስትን ዲያቆናትን ጸልዩ።

ካህን፡ (ንፍቅ) እግዚአብሔር ኣምላኽና . . .

፻፵፩ ዲያቆን፡ ተንሥኡ ለጸሎት።
፻፵፪ ሕዝቢ፡ እግዚአ ተሣሃለነ።
፻፵፫ ካህን፡ ሰላም ለኵልክሙ።
፻፵፬ ሕዝቢ፡ ምስለ መንፈስከ።

፻፵፭ ዲያቆን፡ ጸልዩ በእንተ ዛቲ ቤተ ክርስቲያን ቅድስት ወማኅበርነ ውስቴታ።

፻፵፮ ሕዝቢ፡ ማኅበረነ ባርክ ዕቀብ በሰላም።

ካህን፡ ጸግዎሙ ከመ ይኩኑ . . .

፻፵፯ ዲያቆን፡ ንበል ኵልነ በጥበበ እግዚአብሔር ጸሎተ ሃይማኖት።

141 ዲያቆን፡ ንጸሎት ተንሥኡ።
142 ዲያቆን፡ አ ኅይታ ይቅረ በለልና።
143 ካህን፡ ሰላም ንኹልኹም ይኹን።
144 ካህን፡ ምስ መንፈስካ።

145 ዲያቆን፡ ምእንቲ እዛ ቅድስቲ ቤተ ክርስቲያንን ምእንቲ ኣብ ውሽጣ ዘሎ ማኅበርን ጸልዩ።

146 ሕዝቢ፡ ንማኅበርና ባርኽ፡ ብሰላም ድማ ሓሉ።

147 ዲያቆን፡ ብጥበብ እግዚኣብሔር ኵልና ጸሎት ሃይማኖት ንጸሊ።

አመንክዮ ዘሐዋርያት።

፻፵፰ ሕዝቢ፡ ነአምን በ፩ዱ አምላክ ገባሬ ኵሉ ፍጥረት አብ ለእግዚእነ ወአምላክነ ወመድኃኒነ ኢየሱስ ክርስቶስ እስመ አልቦ ውስተ ህላዌሁ አመንክዮ። በከመ አቅደምነ ነጊረ አላ ባሕቱ ህልው በኵሉ መዋዕል፡ አልቦቱ ጥንት ወኢተፍጻሜት ወቦቱ ብርሃን ዘኢይጠፍእ፡ ወአልቦ ዘይክል ቀሪበ ኀቤሁ።

ኢኮነ ፪ት ወኢ፫ት ወኢይትዌሰክ አላ ፩ዱ ውእቱ ባሕቲቱ ዘይነብር ለዓለም፡ እስመ ኢኮነ ሥውረ ዘኢይትአመር፡ ዳእሙ ጥዩቀ አእመርናሁ በኦሪት ወበነቢያት ከመ ውእቱ አኀዜ ኵሉ ፍጥረት።

አሓዱ እግዚአብሔር አብ ለእግዚእነ ወመድኃኒነ ኢያሱስ ክርስቶስ ዘተወልደ እምቅድመ ይትፈጠር ዓለም ወልድ ዋሕድ ዘዕሩይ ምስሌሁ ገባሬ ኵሉ ሠራዊት ወሚመታት ወሥልጣናት። ዘሠምረ ይኩን ሰብአ በደኃሪ መዋዕል፡ ወነሥአ ሥጋ እማርያም እምቅድስት ድንግል ዘእንበለ ዘርአ ብእሲ ወተሐጽነ ከመ ሰብእ ዘእንበለ ኃጢአት ወአበሳ። ወአልቦ ጉኅሉት ውስተ አፉሁ።

ወእምዝ ሐመ ወሞተ በሥጋ ወተንሥአ እሙታን አመ ሣልስት ዕለት ወዐርገ ሰማያተ ኀበ አብ ዘፈነዎ፡ ወነበረ በየማነ ኃይል ወፈነወ ለነ ጸራቅሊጦስሃ መንፈሰ ጽድቅ ዘወፅአ እምኀበ አብ ወአድኀነ ኵሎ ዓለመ ዘህልው ምስለ አብ ወወልድ።

ናይ ሓዋርያት አመክንዮ

148 ሕዝቢ፡ ኵሉ ፍጥረት ብዝፈጠረ፡ ብሓደ አምላኽ ንአምን። አቦ ጐይታናን አምላኽናን፡ መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ። አቐዲምና ኸም ዝተናገርና ንህላዌኡ ምኽንያት ስለ ዘይብሉ። ብኹሉ ዘመናት ህልዊ እዩ እምበር መጀምርታን መፈጸምታን የብሉን። ዘይጠፍእ ብርሃን ኣለዎ፡ ናብኡ ምቕራብ ዚኽእል የልቦን።
ክልተ ኣይኮነን፡ ሠለስተውን ኣይኮነን፡ ኣይውሰኽንውን። ንዘለዓለም ዚነብር ሓደ በይኑ እዩ እምበር ዘይፍለጥ ሥዉር ኣይኮነን። እንታይ ድኣ ብኦሪትን ብነቢያትን ብርግጽ ፈሊጥናዮ ኢና። ንሱ ገዛእ ኵሉን ኣብ ልዕሊ ኵሉ ፍጥረት ሥልጣን ዘለዎን እዩ።

ኣቦኡ ንጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ እግዚኣብሔር ሓደ እዩ። ዓለም ከይተፈጥረ ዝተወልደ ወልድ ዋሕድ፡ ምስኡ ማዕረ ዝኾነ፡ ኵሉ ሰራዊትን ሚመታትን ሥልጣናትን ዝፈጠረ፡ ብዳጎረዋይ ዘመን ሰብ ኪኸውን ዝፈቐደ፡ ብዘይ ዘርኢ ሰብኣይ ካብ ቅድስቲ ድንግል ማርያም ሥጋ ዝለበሰ፡ ብዘይ ኃጢኣትን ኣበሳን ከም ሰብ ዓበየ፡ ኣብ ኣፉ ሓሶት ኣይተረኽበን።

ብድኅርዚ ብሥጋ መከራ መስቀል ተቐቢሉ ሞተ፡ ብሣልሳይ መዓልቲ ካብ ምውታት ተፈልዩ ተንሥኡ። ናብ ዝለኣኾ ኣቦኡ ናብ ሰማያት ዓረገ፡ ብየማን ኃይሊ ተቐመጠ። ካብ ኣብ ዝሠረፀ ንዓለም እውን ዘድኃነ፡ ምስ ኣብን ምስ ወልድን ህልዊ ዝኾነ ጸራቅሊጦስ መንፈስ ጽድቂ ሰደደልና።

ንብል እንከ ከመ ኵሉ ሠናይ ፍጥረተ እግዚአብሔር
ወአልቦ ግዱፍ። ወመንፈስሰ ሕይወተ ሥጋ ይእቲ
ንጽሕት ወቅድስት በኵሉ። ወንሕነሰ ንብል ከመ
ሰብሳብ ንጹሕ ወልደት
ዘአልቦ ርኵሰ፡

እስመ ፈጠሮሙ እግዚአብሔር ለአዳም ወለሔዋን
ከመ ይብዝኁ ሕዝብ። ንለቡ እንከ ከመቦ ውስተ
ሥጋነ ነፍስ እንተ ኢትመውት ወኢትማስን ምስለ
ሥጋ።

ንሕነሰ ናስቆርር ኵሎ ግብሮሙ ለዕልዋነ ሃይማኖት
ወኵሎ ፍልጠተ ወዐሊወ ሕግ እስመ ርኩሳን
እሙንቱ በኀቤነ።
ወካዕበ ነአምን ትንሳኤ ሙታን ጻድቃን ወኃጥኣን
ወዕለተ ኵነኔ አመ ይትፈደይ ኵሉ በከመ ምግባሩ።

ዓዲ ነአምን ከመ ክርስቶስ ኢኮነ ሕፁፀ
እምትስብእት ወኢምንትኒ አላ ውእቱ እግዚአብሔር
ቃል ዘኮነ ሰብአ በጽድቅ፡ ወዐረቀ ትዝምደ ሰብእ
ምስለ እግዚአብሔር ሊቀ ካህናቲሁ ለአብ።

ኢንትገዘር እንከ ከመ አይሁድ ነአምር ከመ መጽአ
ዘይፈጽም አሪተ ወነቢያተ።
ዘኪያሁ ይሴፈዉ ምጽአቶ ኵሎሙ አሕዛብ ኢየሱስ
ክርስቶስ ዘሠረፀ እምይሁዳ እምሥርወ ዕሤይ፡
ዘሥልጣኑ ዲበ መትከፍቱ፡ ሎቱ ስብሐት ወአኮቴት
ዕበይ ወባርኮት ውዳሴ ወማኅሌት፡ ይእዜኒ ወዘልፈኒ
ወለዓለመ ዓለም። አሜን።

እግዚኣብሔር ዘፈጠሮ ኵሉ ፍጥረት ንጹሕ ከም
ዝኾነ፡ ዚድርበውን የብሉን ንብል። ናይ ሥጋ
ሕይወት ነፍሲ ግና ብኹሉ ቅድስትን ንጽሕትን
እያ። ንሕናስ መውስቦ ንጹሕ ከም ዝኾነ፡
ምውላድውን ርኽሰት ዘይብሉ ከም ዝኾነ ንምህር።

እግዚኣብሔር ንኣዳምን ንሔዋንን ሕዝቢ ኪበዝሑ
ኢሉ ፈጢርዎም እዩ። እምበኣር ኣብዛ ሥጋና ምስ
ሥጋ ዘይትመውትን ዘይትብስብስን ነፍሲ ከም
ዘላትና ነስተውዕል።

ንሕናስ ብኣና ርኹሳት እዮም እሞ እምነቶም
ንዝልውጡ፡ ኵሉ ግብሮምን ኵሉ ምፍልላዮምን ሕጊ
ምፍራሶምን ንጽየፍ።

ከምኡውን ጻድቃንን ሓጥኣንን ዚትንሥእዎ ትንሳኤ
ሙታን ንኣምን፡ ኵሉ ከከም ግብሩ ዚፍደየሉ
መዓልቲ ፍርዲ ከም ዘሎውን ንኣምን።

ደጊምና ኽኣ ክርስቶስ ሰብ ብምኻኑ ኩቶ ሕጸጽ ከም
ዘይብሉ ንኣምን። ብሓቂ ሰብ ዝኾነ እግዚኣብሔር
ቃል እዩ። ናይ ኣብ ሊቀ ካህናት ኮይኑ ንፍጥረት
ሰብ ምስ እግዚኣብሔር ዘተዓረቐ እዩ።

እምበኣር ከም ሥርዓት ኣይሁድ ኣይንገዘር። ኦሪትን
ነቢያትን ዚፍጽም ከም ዝመጸ ንፈልጥ ኢና።
ኵሎም ሕዝቢ ንዕኡ ብተስፋ ዚጽበይዎ ካብ ይሁዳ
ካብ ሥር እሴይ ዝተወልደ ኢየሱስ ክርስቶስ፡
ሥልጣኑ ናይ ባህርዩ እዩ። ንዕኡ ክብርን ምስጋናን
ዕብየትን ባርኾትን ውዳሴን ማህሌትን ይኹን።
ሎምን፡ ኵሉ ሳዕን፡ ንዘለዓለም ዓለም ኣሜን።

ጸሎተ ሃይማኖት።

ፀ፸፱ ሕዝቢ፡ ነአምን በ፩ዱ አምላክ እግዚአብሔር አብ አኃዜ ኵሉ ገባሬ ሰማያት ወምድር ዘያስተርኢ ወዘኢያስተርኢ፡ ወነአምን በአሐዱ እግዚእ ኢየሱስ ክርስቶስ ወልደ አብ ዋሕድ ዘህልው ምስሌሁ እምቅድመ ይትፈጠር ዓለም።

ብርሃን ዘእምብርሃን አምላክ ዘእምአምላክ ዘበአማን፡ ዘተወልደ ወአኮ ዘተገብረ ዘዕሩይ ምስለ አብ በመለኮቱ። ዘቦቱ ኵሉ ኮነ ወዘእንበሌሁሰ አልቦ ዘኮነ፡ ወኢምንትኒ ዘበሰማይኒ ወዘበምድርኒ።

ዘበእንቲአነ ለሰብእ ወበእንተ መድኃኒትነ ወረደ እምሰማያት ተሰብአ ወተሠገወ እመንፈስ ቅዱስ ወእማርያም እምቅድስት ድንግል። ኮነ ብእሴ ወተሰቅለ በእንቲአነ በመዋዕለ ጲላጦስ ጰንጤናዊ ሐመ ወሞተ ወተቀብረ ወተንሥአ እሙታን አመ ፫ልስት ዕለት በከመ ጽሑፍ ውስተ ቅዱሳት መጻሕፍት።

ዐርገ በስብሐት ውስተ ሰማያት ወነበረ በየማነ አቡሁ፡ ዳግመ ይመጽእ በስብሐት ይኮንን ሕያዋነ ወሙታነ ወአልቦ ማኅለቅት ለመንግስቱ።

ወነአምን በመንፈስ ቅዱስ እግዚእ ማሕየዊ ዘሠረፀ እምአብ ንስግድ ሎቱ ወንሰብሖ ምስለ አብ ወወልድ ዘነበበ በነቢያት። ወነአምን በአሐቲ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን እንተ ላዕለ ኵሉ ጉባኤ ዘሐዋርያት።

ወነአምን በአሐቲ ጥምቀት ለሥርየተ ኃጢአት፡ ወንሴፎ ትንሣኤ ሙታን ወሕይወተ ዘይመጽእ ለዓለመ ዓለም። አሜን።

ጸሎተ ሃይማኖት

ሕዝቢ፡ ኵሉ ብዝኃዘ ሰማይን ምድርን ዚርአን ዘይርአን ብዝፈጠረ ብሓደ አምላኽ ብእግዚአብሔር አብ ንአምን። ብሓደ ጎይታ ብኢየሱስ ክርስቶስ፡ ዓለም ከይተፈጥረ ምስኡ ህልው ብዝኾነ ወልድ አብ ዋሕድውን ንአምን። ካብ ብርሃን ዝተረኽበ ብርሃን፡ ካብ ሓቀኛ አምላኽ ዝተረኽበ አምላኽ፡ ዝተወልደ እምበር ፍጡር ዘይኮነ፡ ብመለኮቱ ምስ አብ ማዕረ ዝኾነ፡ ኵሉ ብኡኡ ዝተፈጥረ፡ ብዘይካኡ ግና አብዚ ምድሪ ዘሎ ይኹን፡ ወይስ አብ ሰማይ ዘሎ፡ ምንም ዝተፈጥረ የልቦን።

ምእንታና ምእንቲ ሰብ፡ ምእንቲ ምድኃንና ካብ ሰማያት ዝወረደ፡ ብመንፈስ ቅዱስ ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ሥጋ ለበሰ፡ ሰብ ኮነ።

ሰብ ከይኑ ድማ ብዘመን ጰንጤናዊ ጲላጦስ ምእንታና ተሰቐለ፡ (ሐመመ)፡ መከራ መስቀል ተቐበለ፡ ሞተ፡ ተቐብረ፡ አብ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ከም ዝተጻሕፈ አብ ሣልሳይ መዓልቲ ካብ ምውታት ተፈልዩ ተንሥአ።

ብኽብሪ ናብ ሰማያት ዓረገ። አብ የማን አቡኡ ተቐመጠ። ከም ብሓድሽ ንሕያዋንን ምውታትን ኪፈርድ ብኽብሪ ኪመጽእ እዩ፡ ንመንግስቱውን መወዳእታ የብሉን።

ጐይታን መሕወዪን ብዝኾነ ካብ አብ ብዝሠረፀ መንፈስ ቅዱስ ነአምን። ምስ አብን ወልድን ንሰግደሉን ነመስግኖን፡ ብነቢያት ዝተናገረ እዩ።

ልዕሊ ኹሉ ናይ ሓዋርያት ጉባኤ ብዝኾነት ብሓንቲ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ነአምን። ኃጢኣት ንምስትሥራይ፡ ብሓንቲ ጥምቀትውን ንአምን። ትንሳኤ ሙታንን ንዘለዓለም ዓለም ዚመጽእ ሕይወትን ተስፋ ንገብር።

፻፶	ዲያቆን፡	ተንሥኡ ለጸሎት።
፻፶፩	ሕዝቢ፡	እግዚአ ተሣሃለነ።
፻፶፪	ካህን፡	ሰላም ለኵልክሙ።
፻፶፫	ሕዝቢ፡	ምስለ መንፈስከ።
፻፶፬	ካህን፡	ስእንተ ባቲ ሠራዊተ ሰማያት፡ ይሴብሑከ እንዘ ይብሉ፡
፻፶፭	ሕዝቢ፡	ስብሐት ለእግዚአብሔር በሰማያት ወሰላም በምድር ሥምረቱ ለሰብእ።
፻፶፮	ዲያቆን፡	ጸልዩ በእንተ ሰላም ፍጽምት ወፍቅር ተአምኑ በበይናቲክሙ በአምኀ ቅድሳት።
፻፶፯	ሕዝቢ፡	ክርስቶስ አምላክነ ረስየነ ድልዋነ ከመ ንትአማኅ በበይናቲነ በአምኀ ቅድሳት።
፻፶፰	ካህን፡	እግዚአብሔር ምስለ ኵልክሙ።
፻፶፱	ሕዝቢ፡	ምስለ መንፈስከ።
፻፷	ካህን፡	አእኵትዎ ለአምላክነ።
፻፷፩	ሕዝቢ፡	ርቱዕ ይደሉ።
፻፷፪	ካህን፡	አልዕሉ አልባቢክሙ።
፻፷፫	ሕዝቢ፡	ብነ ኀበ እግዚአብሔር አምላክነ።

150	ዲያቆን፡	ንጸሎት ተንሥኡ።
151	ሕዝቢ፡	አ ጎይታ ይቕረ በለልና።
152	ካህን፡	ሰላም ንኹልኹም ይኹን።
153	ሕዝቢ፡	ምስ መንፈስካ።
154	ካህን፡	ናይ ሰማያት ሠራዊት ንእግዚኣብሔር ኣብ ሰማያት ምስጋና ይኹን፡ እንዳበሉ የመስግኑኻ።
155	ሕዝቢ፡	ኣብ ሰማያት ምስጋና ይኹን፡ ኣብ ምድሪውን ንሰብ ፍቕርን ሰላምን ይኹን።
156	ዲያቆን፡	ምእንቲ ፍጽምቲ ሰላምን ፍቕርን ጸልዩ፡ ንሓድሕድኩም ድማ ብመንፈሳዊ ምስዕዓም ሰላም ተበሃሃሉ።
157	ሕዝቢ፡	አ ክርስቶስ ኣምላኽና ብቕዱስ ምስዕዓም ንሓድሕድና ሰላምታ ክንወሃሃብ ድልዋት ግበረና።
158	ካህን፡	እግዚኣብሔር ምስ ኵልኹም ይኹን።
159	ሕዝቢ፡	ምስ መንፈስካ።
160	ካህን፡	ንኣምላኽና ኣመስግንዎ።
161	ሕዝቢ፡	ብሓቂ ይግባእ እዩ።
162	ካህን፡	ብልብኹም ሰማያዊ ነገር ሕሰቡ።
163	ሕዝቢ፡	ኣብ እግዚኣብሔር ኣምላኽና ኣሎና።

በእንተ ብፁዕ

ፀጋዬ ዲያቆን፡ (ንፍቅ) መሐሮሙ እግዚአ ወተሣሃሎሙ ለሊቃነ ጳጳሳት፡ ጳጳሳት ኤጲስቆጳሳት፡ ቀሳውስት ወዲያቆናት ወኵሎሙ ሕዝበ ክርስቲያን።

ፀጋዬ ዲያቆን፡ እለ ትነብሩ ተንሥኡ።

ፀጋዬ ዲያቆን፡ ውስተ ጽባሕ ነጽሩ።

ፀጋዬ ዲያቆን፡ ንነጽር።

ፀጋዬ ዲያቆን፡ አውሥኡ።

ፀጋዬ ሕዝቢ፡ ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ እግዚኣብሔር ጸባኦት ፍጹም ምሉዕ ሰማያተ ወምድረ ቅድሳተ ስብሐቲከ

ፀሮ ሕዝቢ፡ ተዘከረነ እግዚኦ በውስተ መንግስትከ፡ ተዘከረነ እግዚኦ ኦ ሊቅነ በውስተ መንግስትከ፡ ተዘከረነ እግዚኦ በውስተ መንግስትከ፡ በከመ ተዘከርከ ለፈያታዊ ዘየማን እንዘ ሀሎከ ዲበ ዕፀ መስቀል ቅዱስ።

ፀሮኀ ዲያቆን፡ አንሥኡ እደዊክሙ ቀሳውስት።

ፀሮፀ ሕዝቢ፡ ነአምን ከመ ዝንቱ ውእቱ በአማን ነአምን።

ምእንቲ ብጹዕን ቅዱስን ርእሲ ሊቃነ ጳጳሳት

164 ዲያቆን፡ (ንፍቅ) ኦ ጐይታ፡ ንሊቃነ ጳጳሳትን ንኤጲስ ቆጳሳትን ንቀሳውስትን ንዲያቆናትን ንኹሉም ሕዝበ ክርስቲያንን ምሓሮምን ይቕረ በለሎምን።

165 ዲያቆን፡ ዝተቐመጥኩም ተንስኡ።

166 ዲያቆን፡ ናብ ምብራቕ ተመልከቱ።

167 ዲያቆን፡ ነስተውዕል።

168 ዲያቆን፡ ተሰጥዎ ተቐበሉ።

169 ሕዝቢ፡ ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ እግዚኣብሔር ጐይታ ሠራዊት ክብሪ ምስግናኻ ሰማይን ምድርን ምሉእ እዩ።

170 ሕዝቢ፡ ኦ ጐይታ ኣብ መንግስትኻ ተዘከረና፡ ኦ ጐይታ ኣብ መንግስትኻ ተዘከረና። ኣብ ቅዱስ እፀ መስቀል ከሎኻ ብየማን ንዝነበረ ሽፍታ ከም ዝዘከርካዮ ዘክረና።

171 ዲያቆን፡ ቀሳውስቲ ኣእዳውኩም ኣልዕሉ።

172 ሕዝቢ፡ ነኣምን ኢና፡ እዚ ኸም ዝኾነ ብሓቂ ንኣምን።

፻፷፫ ካህን፡ ወወሀቦሙ ለእሊአሁ ለአርዳኢሁ፡ ወይቤሎሙ ንሥኡ ብልዑ ዝኀብስት።

፻፷፬ ሕዝቢ፡ አሜን አሜን አሜን ነአምን ወንትአመን ንሴብሐክ፡ አ እግዚእነ ወአምላክነ ከመ ዝንቱ ውእቱ በአማን ነአምን።

፻፷፭ ካህን፡ ወከማሁ ጽዋዐኒ . . .

፻፷፮ ሕዝቢ፡ አሜን አሜን አሜን ነአምን ወንትአመን ንሴብሐክ፡ አ እግዚእነ ወአምላክነ ከመ ዝንቱ ውእቱ በአማን ነአምን።

፻፷፯ ካህን፡ ወሶበ ትገብርዎ ለዝንቱ ተዝካረ ዚአየ ግበሩ።

፻፷፰ ሕዝቢ፡ ንዜኑ ሞተከ እግዚኦ ወትንሳኤከ ቅድስተ ነአምን ዕርገተከ ወዳግመ ምጽአተከ ንሴብሐከ ወንትአመነከ ንስእለከ ወናስተበቍዐከ አ እግዚእነ ወአምላክነ።

፻፷፱ ካህን፡ ይእዜኒ እግዚኦ . . .

፻፸ ሕዝቢ፡ አሜን እግዚኦ መሐረነ፡ እግዚኦ መሐከነ እግዚኦ ተሣሃለነ።

፻፸፩ ዲያቆን፡ በኵሉ ልብ ናስተብቍዖ ለእግዚአብሔር አምላክነ ኅብረተ መንፈስ ቅዱስ ሠናየ ከመ ይጸግወነ።

፻፸፪ ሕዝቢ፡ በከመ ሀሎ ህልወ ወይሄሉ ለትውልደ ትውልድ ለዓለመ ዓለም።

173 ካህን፡ ነቶም ናቱ ንደቀ መዛሙርቱ ሐዋርያት፡ ምእንታኅትኩም ንኅድገት ኃጢኣት ዚቅረስ ሥጋይ እዚ እዩ፡ እዚ ኅብስቲ እዚ እንኩ ብልዑ፡ ኢሉ ኅቦም።

174 ሕዝቢ፡ አሜን፡ አሜን፡ አሜን፡ ንአምንን ንእመንን አ ጐይታናን አምላኽናን ነመስግነካ ኣሎና፡ እዚ ኸም ዝኾነ ብሓቂ ንአምን።

175 ካህን፡ ከምኡውን ነቲ ጽዋዕ አመስጊኑን ባሪኹን ቀዲሱን፡ እዚ ጽዋዕ እዚ ምእንታኅትኩም ንበጃ ብዙኃት ዚፈስስ ደመይ እዩ እሞ እንኩ ስተዩ፡ ኢሉ ነቶም ናቱ ንደቀ መዛምርቱ ኅቦም።

176 ሕዝቢ፡ አሜን፡ አሜን፡ አሜን፡ ንአምንን ንእመንን አ ጐይታናን አምላኽናን ነመስግነካ ኣሎና፡ እዚ ብሓቂ ኸም ዝኾነ ብሓቂ ንአምን።

177 ካህን፡ ነዚውን ክትገብርዎ ኸለኹም፡ ንመዘከርታይ ግበርዎ።

178 ሕዝቢ፡ አ ጐይታ፡ ሙማትካን ቅድስቲ ትንሣኤኻን ነዘንቱ፡ ዕርገትካን ዳግማይ ምጽኣትካ እውን ንኣምን። ነመስግነካን ንእመነካን አ ጐይታናን አምላኽናን ንልምነካን ንምሕጸነካን ኣሎና።

179 ካህን፡ አ ጐይታ ሕጂውን ሙማትካን ትንሳኤኻን . . .

180 ሕዝቢ፡ አሜን፡ አ ጐይታ ምሓረና፡ አ ጐይታ ራሕርሓልና፡ አ ጐይታ ይቕረ በለልና።

181 ዲያቆን፡ ንእግዚኣብሔር አምላኽና፡ ሠናይ ኅብረት መንፈስ ቅዱስ ምእንቲ ኺህበና ብምሉእ ልቢ ንለምኖ።

182 ሕዝቢ፡ ጥንቲ ህልዊ ኾይኑ ኸም ዝነበረ፡ ንውሉድ ወለዶን ንዘለዓለምን ህልዊ ኾይኑ ይነብር።

(እምድሕረ ካህን ይበል ሕዝብ)

፻፹፫ ሕዝቢ፡ ሀበነ ንጎበር፡ በዘዚአከ መንፈስ ቅዱስ፡ ወፈውሰነ በዝንቱ፡ ጽርስፎራ፡ ከመ ብከ ንሕየው፡ ዘለኵሉ ዓለም ወለዓለመ ዓለም።

ቡሩክ ስሙ ለእግዚአብሔር፡ ወቡሩክ ዘይመጽእ በስመ እግዚአብሔር፡ ወይትባረክ ስመ ሰብሐቲሁ፡ ለይኩን፡ ለይኩን፡ ቡሩከ ለይኩን።

ፈኑ ጸጋ መንፈስ ቅዱስ ላዕሌነ።

፻፹፬ ዲያቆን፡ ተንሥኡ ለጸሎት።
፻፹፭ ሕዝቢ፡ እግዚአ ተሣሃለነ።
፻፹፮ ካህን፡ ሰላም ለኵልክሙ።
፻፹፯ ሕዝቢ፡ ምስለ መንፈስከ።

፻፹፰ ካህን፡ ጸሎተ ፈትቶ።

፻፹፱ ዲያቆን፡ ጸልዩ።

፻፺ ሕዝቢ፡ አቡነ ዘበሰማያት ይትቀደስ ስምከ ትምጻእ መንግስትከ ወይኩን ፈቃድከ በከመ በሰማይ ከማሁ በምድር ሲሳየነ ዘለለዕለትነ ሀበነ ዮም ጎድግ ለነ አበሳነ ወጌጋየነ ከመ ንሕነኒ ንጎድግ ለዘአበሰ ለነ፡ ኢታብአነ እግዚኦ ውስተ መንሱት አላ አድኅነነ ወባልሐነ እምኵሉ እኩይ እስመ ዚአከ ይእቲ መንግሥት ኃይል ወስብሐት ለዓለመ ዓለም።

(ደድሕሪ ካህን ይበል ሕዝቢ)

183 ሕዝቢ፡ ቡቲ ናትካ ዝኾነ መንፈስ ቅዱስ ሓደ ኽንከውን ሃበና፡ በዚ ጎብስቲ እዚውን ንዘሎ ዓለምን ንዘለዓለምን ብኣኻ ሕያዋን ክንከውን ፈውሰና።

ስም እግዚኣብሔር ቡሩኽ እዩ፡ ብስም እግዚኣብሔር ዝመጽእውን ቡሩኽ እዩ። ስም ጐይትነቱ፡ ይባረኽ። ይኹን፡ ይኹን፡ ቡሩኽ ይኹን።

ጸጋ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ልዕሌና ፈኑ።

184 ዲያቆን፡ ንጸሎት ተንሥኡ።
185 ሕዝቢ፡ ኦ ጎይታ ይቕረ በለልና።
186 ካህን፡ ሰላም ንኹልኹም ይኹን።
187 ሕዝቢ፡ ምስ መንፈስካ።

188 ካህን፡ ጸሎተ ምፍታት።

189 ዲያቆን፡ ጸልዩ።

190 ሕዝቢ፡ ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና፡ ስምካ ይቀደስ፡ መንግስትኻ ትምጻእ፡ ፍቓድካ ኽምቲ ኣብ ሰማይ ዝኾነ፡ ከምኡ ድማ ኣብ ምድሪ ይኹን። ናይ ዕለት እንጀራና ሎሚ ሃበና። ንሕና ንዝበደሉና ከም ዝሓደግናሎም፡ በደልና ጎደገልና። ኦ ጐይታ፡ ካብ ክፉእ ኣድኅነና እምበር፡ ናብ ፈተና ኣይተእትወና። መንግስሥትን ኃይልን ክብርን ንዘለዓለም ናትካ እዩ። (ማቴ. 6 ቊ. 9)

፻፺፩ ሕዝቢ፡ በከመ ምሕረትከ አምላክነ፡ ወአኮ በከመ አበሳነ። (ቮተ ጊዜ)

(ቅዳሴ ሐዋርያት)

ፈ፻፺፪ ሕዝቢ፡ ሠራዊተ መላእክቲሁ ለመድኃኔ ዓለም ዬ ዬ ዬ ይቀውሙ ቅድሜሁ ለመድኃኔ ዓለም፡ ወይኬልልዎ ለመድኃኔ ዓለም ዬ ዬ ዬ ሥጋሁ ወደሙ ለመድኃኔ ዓለም፡ ወንብጻሕ ቅድመ ገጹ ለመድኃኔ ዓለም ዬ ዬ ዬ በኣሚነ ዚአሁ ሐዋርያት ተለዉ፡ አሠሮ።

(ቅዳሴ እግዚእ)

ሠራዊተ መላእክቲሁ ለመድኃኔ ዓለም ይቀውሙ ቅድሜሁ ለመድኃኔ ዓለም፡ ወይኬልልዎ ለመድኃኔ ዓለም ሥጋሁ ወደሙ ለመድኃኔ ዓለም፡ ወንብጻሕ ቅድመ ገጹ ለመድኃኔ ዓለም በኣሚነ ዚአሁ ለክርስቶስ ንገኒ።

(ቅዳሴ ማርያም)

ሠራዊተ መላእክቲሁ ለመድኃኔ ዓለም ይቀውሙ ቅድሜሁ ለመድኃኔ ዓለም፡ ወይኬልልዎ ለመድኃኔ ዓለም ሥጋሁ ወደሙ ለመድኃኔ ዓለም፡ ወንብጻሕ ቅድመ ገጹ ለመድኃኔ ዓለም በኣሚነ ዚአሁ ለማርያም ንገኒ።

ዲያቆን፡ (ንፍቅ) አርኅዉ ኖኃተ መኳንንት።

ፈ፻፺፫ ዲያቆን፡ እለ ትቀውሙ አትሕቱ ርእሰክሙ።
ስግዱ ለእግዚአብሔር በፍርኃት።

ፈ፻፺፬ ሕዝቢ፡ ቅድሜከ እግዚኦ ንሰግድ ወንሴብሐከ።

ፈ፻፺፭ ካህን፡ ጸሎተ ንስሐ።

191 ሕዝቢ፡ አ ኣምላኽና፡ ከም ምሕረትካ እምበር ከም በደልናስ ኣይኽን። (ቮተ ጊዜ)

(ናይ ሓዋርያት ቅዳሴ)

192 ሕዝቢ፡ ንመድኃኔ ዓለም መላእክት፡ ሠራዊት ዬ፡ ዬ፡ ዬ፡ ንመድኃኔ ዓለም ኣብ ቅድሚኡ ይቕሙ።
ንመድኃኔ ዓለም ከቢቦም የመስግንዎ ዬ፡ ዬ፡ ዬ፡ ንመድኃኔ ዓለም ሥጋኡን ደሙን።
ናብ ቅድሚ ገጹ ንመድኃኔ ዓለም ክንቀርብ ዬ፡ ዬ፡ ዬ፡ ንእኡ ብምእማን ሐዋርያት፡ አሰሩ ሰዓቡ።

(ቅዳሴ እግዚእ)

ንመድኃኔ ዓለም መላእክት ሠራዊት ንመድኃኔ ዓለም ኣብ ቅድሚኡ ይቕሙ። ንመድኃኔ ዓለም ከቢቦም የመስግንዎ፡ ንመድኃኔ ዓለም ሥጋኡን ደሙን። ናብ ቅድሚ ገጹ ንመድኃኔ ዓለም ክንቀርብ፡ ንእኡ ብምእማን ንክርስቶስ ነገልግሎ ኣሎና።

(ቅዳሴ እግዚእ)

ንመድኃኔ ዓለም መላእክት ሠራዊት ንመድኃኔ ዓለም ኣብ ቅድሚኡ ይቕሙ። ንመድኃኔ ዓለም ከቢቦም የመስግንዎ፡ ንመድኃኔ ዓለም ሥጋኡን ደሙን። ናብ ቅድሚ ገጹ ንመድኃኔ ዓለም ክንቀርብ፡ ንዕኡ ብምእማን ንክርስቶስ ነገልግሎ ኣሎና።

ዲያቆን፡ (ንፍቅ) መኳንንቲ ኣፍ ደጌታት ክፈቱ።

193 ዲያቆን፡ ኣቱም ደው ኢልኩም ዘሎኹም ርእስኹም ኣድንኑ።
ብፍርሃት ንእግዚኣብሔር ስገዱ።

194 ሕዝቢ፡ አ ጐይታ ኣብ ቅድሜኻ ንሰግድን ነመስግነካን ኣሎና።

195 ካህን፡ ናይ ንስሓ ጸሎት።

196 ዲያቆን፡ ኣስተውዕል።

197 ካህን፡ ዝተቐደሰ ሥጋኡን ደሙን ንዝተቐደሱ እዩ።

198 ሕዝቢ፡ ሓደ አብ ቅዱስ እዩ፡ ሓደ ወልድ ቅዱስ እዩ፡ ሓደ መንፈስ ቅዱስ እዩ።

199 ካህን፡ እግዚኣብሔር ምስ ኵልኹም ይኹን።

200 ሕዝቢ፡ ምስ መንፈስካ።

201 ካህን፡ እግዚኦ መሐረነ ክርስቶስ (3 ጊዜ በልዑል ዜማ)
እግዚኦ መሐረነ ክርስቶስ (15 ጊዜ በንኡስ ዜማ)

ሕዝብ፡ ከማሁ።

ካህን፡ እግዚኦ መሐረነ ክርስቶስ (፫ተ ጊዜ)

ሕዝብ፡ እግዚኦ መሐረነ ክርስቶስ (፪ተ ጊዜ)

202 ዲያቆን፡ አብ ንስሓ ዘለኹም ርእስኹም ኣድንኑ።

መልክዐ ቍርባን

203 ካህን፡ እግዚኦ ምሓረና ክርስቶስ (3 ጊዜ)
ምእንቲ ማርያም ምሓረና ክርስቶስ (3 ጊዜ)

204 ሕዝቢ፡ (ካህን ይቀበሉ)

፻፺፭ ዲያቆን፡ ነጽር።

፻፺፮ ካህን፡ ቅድሳት ለቅዱሳን።

፻፺፯ ሕዝቢ፡ አሐዱ አብ ቅዱስ አሐዱ ወልድ ቅዱስ አሐዱ ውእቱ መንፈስ ቅዱስ።

፻፺፰ ካህን፡ እግዚኣብሔር ምስለ ኵልክሙ።

፻፺፱ ሕዝብ፡ ምስለ መንፈስከ።

፪፻ ካህን፡ እግዚኦ መሐረነ ክርስቶስ (፫ተ ጊዜ በልዑል ዜማ)
እግዚኦ መሐረነ ክርስቶስ (፲፭ተ ወይም ጊዜ በንኡስ ዜማ)

ሕዝብ፡ ከማሁ።

ካህን፡ እግዚኦ መሐረነ ክርስቶስ (፫ተ ጊዜ)

ሕዝብ፡ እግዚኦ መሐረነ ክርስቶስ (፪ተ ጊዜ)

፪፻፩ ዲያቆን፡ እለ ውስተ ንሥሓ ሀለውክሙ አትሕቱ ርእሰክሙ።

መልክዐ ቍርባን

፪፻፪ ካህን፡ እግዚኦ መሐረነ ክርስቶስ (፫ ጊዜ)
በእንተ ማርያም መሐረነ ክርስቶስ (፫ ጊዜ)።

፪፻፫ ሕዝቢ፡ (ከማሁ ይበሉ)

ብሓባር፡ ሰኣሊ ለነ ማርያም ወልድኪ ሣህሎ ይክፍለነ።

ዲያቆን፡ ጸልዩ በእንቲኣነ ወበእንተ ኵሎሙ ክርስቲያን እለ ይቤሉነ ግበሩ ተዝካሮሙ በሰላም ወበፍቅረ ኢየሱስ ክርስቶስ ሰብሑ ወዘምሩ።

(በጊዜ ቅዱስ ቁርባን)

ብሓባር፡ ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ ሥሉስ ዘኢይትነገር ሀበኒ ከመ እንሣእ ለሕይወት ዘንተ ሥጋ ወደመ ዘእንበለ ኵነኔ።
ሀበኒ እግበር ፍሬ ዘያሰምረከ ከመ አስተርኢ በስብሐቲከ ወእሕየው ለከ እንዘ እገብር ዘዚአከ ፈቃደ በተአምኖ እጼውዓከ አብ ወእጼውእ መንግሥተከ ይትቀደስ እግዚኦ ስምከ በላዕሌነ፡

እስመ ኃያል አንተ እኩት ወስቡሕ ወለከ ስብሐት ለዓለመ ዓለም።

ዲያቆን፡ ነአኵቶ ለእግዚአብሔር ቅድሳቶ ነሢአነ ከመ ለሕይወተ ነፍስ ይኩነነ ፈውሰ ዘተመጠነ ንስእል ወንትመሐፀን እንዘ ንሴብሖ ለእግዚአብሔር አምላክነ።

ካህን፡ ስብሐተ እግዚአብሔር ይነግር አፉየ፡ ወኵሉ ዘሥጋ ይባርክ፡ ለስሙ ቅዱስ ለዓለም ወለዓለመ ዓለም።

